**ናይ ሓበሬታ ወረቓቕቲ ብዛዕባ ህሉው ኩነታት ኮረና ቫይረስ ን ደቆም ናብ መዋእለ ህጻናት ዝውዕሉ ወለዲ ዝምልከት ሓበሬታ ዝወጻሉ ዕለት 10.08.2020**

ዝኸበርኩም ወለዲ፡

ድሕሪ ዝተወሰነ ናይ ዕረፍቲ ግዝየ ቆልዑ ናብ መዋእለ ህጻናት ዝምለሱሉ ግዝየ ኣኺሉ ኣሎ። እዚ ማለት ትንቃቀታትና ብዝያዳ ከነሀይል ይግብኣና እቲ ምንታይ ገና ኮረና ቫይረስ ክሳብ ዘይጠፍኣ። በዚ ምኽንያት እዞም ስዒቦም ዝግለጹ ካብ ምኒስትሪ ባህልን ሕብረተሰብን ከምኡ ውን ምኒስትሪ ማዕርነት ዝወጹ ሓደሽቲ ሓበሬታት ክንክተል ይግባእ። ከም ስድራቤት እዚ ነዓኹም ንጹር ክኸውን ዘለዎ ድማ ወልዲ ከም ምዃንኩም መጠን ናይ ምትግባር ሓላፍነት ውን ኣለኩም፡ እዚ ማለት ክኣ ዋላ ውን ኣብ ደሓን ዝኾነ እዋናት ጥንቃቀና ንምሕላው ዝግበር ጻዕርታት ኣብ ዞባ መክለንበርግ ብጽቡቕ ክቕጽል ኢዩ ትጽቢትና። ንሕና ካባኹም ካብ ወለዲ ንጽበዮ ነገር ካኣ ነዞም ኣብ ታሕቲ ስዕቦም ዝዝርዝዞሩ ሓበሪታት ምትግባር ኢዩ።

**1. ኣየኖት ቅጥዕታት ኢዮም ንሕና ከም ወለዲ ወይ ከም ኣለይቲ ከነማልኦም ዝግብኣና**

*ነዞም ኣብ ታሕቲ ዘልዉ ሕቶታት ብመልክዕ ጽሑፍ ምቕራብ*

እቲ/እታ ህጻን ዝኾነ መልክታት ናይ ኮረና ቫይረስ ከም ዘይብሉ
ኣብዘን ዝሓለፋ 14 መዓልታት ናብ ኣዝየን ብ ኮረና ዝትሃስያ ቦታታት ወይ ሃገራት መገሻ ፈጽሙ ወይ ፈጺማ ምስ ዝኽውን ዝኾነ ርክባት ምስ ብ ኮረና ቫይረስ ዝተለኽፈ ሰብ ኣብ ዝሃለፈ 14 ምዓልታት ምስ ዘይህሉ
* ግቡእ መዓልታዊ ጥዕና ህጻን ክትትል ምግባርን ምውጋድ ርክባት ምስ ብ ኮረና ቫይረስ ኣብ ውሽጢ 14 ተለኪፉ ዚንበረ ሰብ።

* ወለዲ ኣብ ግዜ ምብጻሕን ምምጻእ ህጻናት ካብ መዋእለ ህጻናት መከላኸሊ ማስክ ምጥቃም ናይ ግድን ኢዩ።

* እዞም ቀጺሎም ዝስዕቡ ኣገደስቲ ሕግታት ናይ ግድን ክትግበሩ ዘለዎም ኢዮም

**ርሕቀትካ ምሓላው፡** ነፍሲ ወከፍ ሰብ እንተ ወሓደ ናይ 1.5 ሜተር ርሕቀት ክህሉ ይግባእ

**ጽሬት፡** ኣብ ንስዕለሉ ወይ ንህንጥሰሉ እዋን (ኣፍና ብ ኣጻብዕትና ዘይኮነስ ቅልጽምና ክንሽፍኖ ይግባእ ወይ ድማ ድማ ጽሩይ መንዲል ምጥቃም) ብዝተኻእለ ርሕቕትና ሓሊና ክንህንጥስ ወይ ክንስዕል ይግባእ ከምኡ ውን ብ ቀጻሊ ኢድካ ምሕጻብ ዘይምርሳዕ

**ማስክ፡** ኣፍናን ኣፍንጫናን ክሽፍን ዝኽእል ማስክ ምጥቃም።

* ብመሰረት መጽናዕቲ ተመራመርቲ ስነ ሕክምና ሃገረ ጀርመን ዘውጽእዎ መሰረት ኣሰከፍቲ ቦታታትሃገራ ኣብዚ ታህቲ ዘሎ ሊንክ ኣቲኻ ምፍልእት ይክኣል ኢዩ።

(https://www.rki.de/DE/Content/InfAZ/N/Neuartiges_Coronavirus/Risikogebiete_neu.html)

2. **እንታይ ከገብር ኣለኒ ጓለይ ወይ ወድይ ዝኮነ ምልክታት ናይ ሕማም ዝመስል ነገራት ምስ ዘርኢ**

***** ህጻናት ፍኹስ ዝበል ዝመስል ከም ጉንፋዕ ዝመስሊ ምስ ዝሓሙ ናብ መዋእለ ህጻናት ክመጹ ይኽእሉ ኢዮም ዘድሊ ክንክናት ካብ ኣለይቲ ሃጻናት ውን ክግበረሎም ኢዩ። ጉንፋዕ፡ ወይ ቁሪ ቁሪ ዘብል ምስ ዝሓሙ ናይ ግድን ኣይኮኑን ኣብ ገዛ ክውዕሉ ዘለዎም።

***** ንዝያዳ ኣፍልጦ ብዛዕባ ፈኮስቲ ምልክታት ንፍላጥ ውን ምስ ሰብ ሞያ ጥዕና ወይ ውን ናይ ህጻናት ኣለይቲ ምውካስ ውን ይከኣል ኢዩ።

***** ባኽብረትኩም ህጻናት ጽኑዕ ዝመስል ምልክታት ናይ ሕማም ምስ ዘርእዩ ናብ መዋእለ ህጻናት ኣይተምጽእዎም። ኣብ ከምዚ እዋናት ቆልዑ ናብ መዋእለ ህጻናት ከምጽ የብሎምን።

**3. ብ ኮረና ቫይረስ ዝተልኽፉ ህጻናት ናብ መዋእለ ህጻናት ክመጹ ይይብዕም ዶ?**

***** ብ ኮረና ቫይረስ ዝተልኽፉ ህጻናት ናብ መውዓሊ ህጻናት ክመጹ ኣይፍቀድን ኢዩ። ሕክማናዊ መምርሒታት ብምኽታል ድማ ክውሸቡ ይግባእ።

**4. መዓልቲ ወለዲ፡ ኣኼባ ናይ ወልዲ ክካየድ ይከኣል'ዶ?**

* እወ መዓልቲ ወለዲ ወይ ኣኼባ ናይ ወልዲ ክካየድ ፍቑድ ኢዩ። ርሕቀትካ ብዝሓልወ ኣገባብ ህዝባዊ ቦታታት ማስክ ምጥቃም። ብተውሳኺ ውን ብመንገዲ ቴለፎን ክካየድ ይከኣል ኢዩ።

* እቲ ካብ ዕለት 15.08 ክሳብ ዕለት 15.09.2020 ዝካየድ ናይ ምኽርን ማዕዳን መደብ ርሕቀትና ብዝሓለወ መግገዲ ከምኡ ን ኣፍናን ኣፍንጫናን ዝሽፍን ማስክ ውን ክንጥቀም ይግባእ። ኣብቲ ስነ ስርዓት ወለዲ ጥራይ ኢዮም ክሳተፉ ዝግባእ።

**5. ንወደይ ወይ ንጓለይ ንበይኑ ኣላይት ክግበረሉ ይከኣል ዶ?**

እወ ይከኣል ኢዩ።

**6 ብኸመይ መንገዲ ን ወደይ ወይ ንጓለይ ኣብ ናይ ገዛ ውሽባ ጊዜ ክሕግዝ ይኽእል**

* ብዛዕባ ኣሰራርዓ መደባት ውሽባ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ሚንስትሪ ጥዕና ብዝወሃበና መምርሒታት መሰረት ክንከይድ ይግባእ።

* ሓደ ኣባል ስድራ ብክኮረና ቫይረስ ምስ ዝልከፍ እቶም ካልኦት ኣባላት ስድራ ውን ናይ ግድን ክውሸቡ ኣለዎም።

* ሓደ ካብ ኣባል ስድራ ምስ ብ ኮረና ቫይረስ ዝተለኸፈ ሰብ ርክባት እንተ ኣካይዱ ኔሩ እዚ ብመሰረት ሕጊ ምንስትሪ ጥዕና ኣብ በይንኣዊ ውሽባ ክኣቱ ይግባእ። እዞም ቀጺሎም ዝቀርቡ ክትግበሩ ዘለዎም ሕግታት ምኒስትሪ ጥዕና ኢዮም።

* ቆልዑ ብኮረና ምስ ዝልከፉ፡ ነቶም ኣለይቲ ህጻናት ብመንገዲ ስድራ ወይ ወከልቲ ኩነታት ጥዕንኦም ክነግሩ ኣለዎም። ቀስ አልኩም ን ቆልዑ ብዝርድኦም ቃላት ዘሎ ህሉው ኩነታት ንደቅኹም ግልጽሎም ከምኡ ውን ንምታይ እዞም ሕግታት ክትግበሩ ከም ዘለዎም ኣረድእዎም።

* ኣብ ግዜ ውሽባ ንድቅኹም ኣብ ውሽጢ ገዛ እኹል ምንቅስቃስ ስፖርት ክገብሩ ኣተባብዑ፡ ስነ ኣምራውን ኣካላውን ጥንካረ ከም ዝህልዎም ግበሩ፡ ከምኡ ውን ከም ስእሊ ምስኣል ናይ ቆልዑ መጻወቲ ከም ዝጻወቱ ምግባር።

**7. ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብይ ክረክብ ይኽእል?**

* ንተወሳኺ ሓበሬታ ወይ መተሓሰሰቢ ንምክልኻል ንቆልዑን ኣለይትን ኣብ ዞባ መክለንበርግ ፎርፐመርን ብዕለት 1 ነሃሰ 2020 ዝወጸ መምርሒታት ኣብ ግጽ ኢንተርነት ምኒስትሪ ባህልን ሕብረተ ሰብን ከምኡ ምንሲትሪ ማዕርነት ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሊንክ ኣቲኩም ዝያዳ ሓበሬታ ክትረኽቡ ትኽእሉ https://www.regierung-

mv.de/Landesregierung/sm/Service/Corona/Kindertagesf%C3%B6rderung/